# ወጋሕ ትበል ለይቲ

## ኣብ መንፈሳዊ በዓላት ?

ብኣባ ቪቶርዮ ቦሪያ

ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ካብ ለይቲ ድሮ ዓውደ ዓመት (ኣከባቢ 11.00-12.00 ድ.ቀ.) ክሳብ ኣጋ ወጋሕታ (ኣከባቢ 3፥ 30 -4፥ 30 ናይ ንግሆ) ኣብ ዳንስ ቤት ምጽዋት ባህሊ ይተኣታቶ ኣሎ። ናይ ትምክሕቲ ስም ተዋሂቡዎ ድማ "ወጋሕ ትበል ለይቲ!" ይጽዋዕ። ካብቶም ኣውራ ዚጥቕዑ በዓላት እቲ ዝዓበየን ብጾምን ፍሉይ ጸሎትን ዚኣቱ ናይ ክርስትና ዓውደ ዓመት ከም ፋሲካ፡ ልደት፡ ጥምቀትን፡ ፍልሰታ፡ ቅዱስ ዮሓንስ፡ መስቀልን ኪኾኑ እንከለዉ፡ ኣብ ርእሲኡ ቀ`ስሚ ታቦት ኣብያተ ክርስትያናት ከም ኣስተርእዮ ማርያም ባጽዕ፡ ማርያም ደብረ ሲና፡ ማርያም ዳዓሪት ከረን ድማ ይሕወሱዎ።

ነዚ ዘይግቡእ ኣገባብ ዜግድዶ ዝነበረ ድማ፡ ብመቓልሕ ሃገራዊ ረድዮን ተለቪዥን መንደቕ ወረቐት ብምልፋጥን፡ ሎሚ ድማ ስልጣኔ ብዜምጽኦ ሓዲስ መራኸቢ ብዙሓን "ኢንተርነት" ምቕላሑ ኢዩ። ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ኣብያተ ክርስትያናት ከተማ ኣሥመራ ዓርቢ ስቕለት መዓልቲ ባራት ተዓጽዩ ኪውዕል ምሕጽንታ ንወነንቲ ባራትን ቦታ ለይታዊ ጸወታን ኪዝርግሑ ይዝከረኒ። ሓቂ ይሓይሽ እውን ዚምልከቶም ሰባት መብዛሕቲኦም "ሕራይ" ኢሎም ነቲ ቃል ኣየዕብርዎን ነይሮም። እቲ ጽሑፍ ተኸፊሉሉ ብረድዮን ሃገራዊ ጋዜጣን ኪቃላሕ ምስሓተቱ ግን፡ "እቲ ሓሳብ ዚድገፍ እኳ እንተኾነ፡ መንፈሳዊ ምልክታ ብመንግሥታዊ መራኸቢ ብዙኃን ክነቃልሕ ኣይዕላማናን" ዚብል መልሲ ኪረኽቡ እዝከረኒ።

እንተኾነ፡ ቀንዲ ዕላማ መንፈሳዊ በዓላት እንታይ ዲዩ? ናይቲ በዓል ሚሥጢር ንምሕሳብን ንኣምላኽ ንምምስጋንን ሕይወትካ ንምምርማርን፡ ዕረፍቲ መንፈስን ሕልናን ጉልበትናን ንምርካብን፡ ምስ ሥድራናን ቤተሰብናን ፈተውትናን ንምርኻብን፡ ንምዝንጋዕንዶ ኣይኮነን? ኣብ ወጋሕ ትበል ለይቲ ዝሓደረ፡ ብርግጽ ምሉእ ንግሆ ኪድቅስ ኢዩ፡ ተንሢኡ ክሳዕ ዚሕጸብን ዚምሳሕን ሰዓት 3፡00-4፡00 ድ.ቀ. ኪኸውን ኢዩ፡ ሽዑ ሓድሓደ ማኅበራዊ ጉዳይ እንተተረኺቡ ኣብኡ ኪካፈል ኪመሲዩ ኢዩ፡ ምናልባት ሽዑ ሓጺር ዙሮት ኣብ ከተማ እንተገይሩ ሰዓት ኪሓኽሎ ኢዩ፡ ለባም ኣንተኰይኑ ድማ ብምኽንያት ናይ ጽባሒቱ ጉዳያት ብእዋኑ ምድቃስ ኪደሊ ኢዩ። በዓል ከምኡ ይሓልፍ። ወዮ ኣስተንትኖን ንኣምላኽ ምስጋናን ናይ ሕልና መርመራንኸ ደኣ፡ ወዮ

ዕረፍቲ ጎልናን ሰውነትንከ፡ ወዮ ምስ ሥድራ ምርኻብን ምዝንጋዕንከ ኣበይ ኪርከብ?

**ሕቶ፡** "እሞ፡ ድሮ በዓላት ኣብ ጓይላ ምምሳይ ኣብ ዝኾነ ዓድን ዝነኣሰ ቍሸትን ዝጸንሐ ልምዲዶ ኣይኮነን? ጸወታ ኣይትጻወቱ፡ ኣይትሳዕስዑ፡ ኣይትደሰቱ ዲኹም ትብሉ ዘሎኹም? ኪጽሊ ዝደለየ ኣብ ትልሂት ኣይሕደር፡ ምስ ስድራኡ ጊዜኡ ኬሕልፍ ዚደሊ ዝሽልከሎ የለን፡ ለይቲ ኣብ ሳዕሳዒት ኪሓድር ዝደለየ ድማ . . . ከምድላዩ . . . "ሃይማኖት ናይ ግሊ ጉዳይ ኢዩ!!!" ኪበሃል ምተኻእለ።"

**መልሲ፡** ነስተብህለሉ፡ ድሮ ገሊኡ ዓውደዓመት (ፍልሰታ፡ ዮሓንስ፡ መስቀል) ምጽዋት ዝጸንሐ ኢዩ። ግናኸ ኣብኡ፡ ናይ ምሉእ ዓዲ ውራይ ኢዩ፡ ሰብ ምስ ስድራኡ ኢዩ ኣብቲ ጸወታ ዜምሲ፡ ዝሽፍሎ የብሉን፡ ንኽዳን ዲዩ ወይ ንሽልማት ዚገብሮ ፍሉይ ወጻኢ የብሉን። ኣቦ ጓይላን ወለድን ዕበይትን እቲ ጸወታ ብሥርዓት ከምዚካየድ ይከታተልዎ፡ ስለዝስ ካብቲ ቀንዲ ዕላማታት ዓውደዓመት ይብጻሕ ኣሎ ማለት ኢዩ። ሓድሓደ ጊዜ እውን ዓበይቲ ዓዲ ነቲ ጸወታ ብጸሎት ስለ ዚኸርምርዎ እቲ መንፈሳዊ ዕላማ እውን ኪብጻሕ ይከኣል። እዚ ሎሚ ዚተኣታቶ ዘሎ ኣገባብ ግና

1. ኵሉ መንፈሳዊ በዓላት ኢዩ ዚጥቃዕ ዘሎ፡
2. ናይ ምሉእ ሥድራ መማሰዩ ኣይኮነን/ወይ ናይ ሥድራ እንተኾነ፡ ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን ኣብ ዚስተየሉ ቦታ ቈልዑት ሕጻናት (ክፍሊት ተነክዩሎም) ኪኣትዉ ይፍቀደሎም...
3. ንመእተውን ንመስተን ካልእ ወጻኢታት ዝሓትት ኢዩ፡

## መን ይረብሕ ኣብ ወጋሕ ትበል ለይቲ?

**ሀ.** ካብ ሥራሕ ዕረፍቲ ዚወሃብ ዘሎ፡ ብምኽንያት እቲ መንፈሳዊ በዓል ተባሂሉ ኢዩ። ስለምንታይ ደኣ ኣበዓዕላኡ ኣብ ዘይመንፈሳዊ ኵነታት ዚውዕል? እቶም ኣዳለውቲ ወጋሕ ትበል ለይቲ መደቦም ብካልእ መዓልቲ ዘየዳልዩዎ? በቲ ሕዝባዊ በዓላትከ (ከም በዓል ናጽነት፡ ሓደ ግንቦት፡ ባሕቲ መስከረም ወዘተ.) ዘየሰናድዩዎ?

**ለ.** ኣብ ትልሂታዊ ለይቲ ዝሓደረ ሰብ ኣብ ርእሲ እቲ ንቲከትን ንመስተን ብልዕን ካልእ ንረኣዩለይን ስምዑለይን ዜጥፍኦ ገንዘብ ካብ ክንደይ ካልእ ቁም ነገር ዘለዎ ነገር ከም ምብጻሕ ዓበይቲ ወለድን፡ ሕሙማትን፡ ቤተሰብን ይተርፍ ከምዘሎ ግሁድ ኢዩ። እቲ ንኅብረተ ሰብና ጠሚሩ ኪሕዞ ዝጸንሐ ኃልዮትን ፍቕርን በዚ ሓዲሽ ምህዞ ይተርፍ ኣሎ። ለይታዊ ትልሂት *"ሓዲሽ ሃይማኖት"፡* ቀዳም ሚሸትን፡ ድሮ በዓላትን፡ ቍስሚ ዓድን *ሰዓታት ኣምልኾኣም* ኰይኑ፡ ደረፍትን ኣቃናበርቲ ሙዚቃን *ካህናት፡* እቲ ሕንጻ ሳዕሳዒት ከኣ ቤተመቕደስ እዚ ሃይማኖት ይኾኑ ኣለዉ። ብዛዕባ'ቲ *"ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር፡ ኣይትቕተል፡ ኣይትዘሙ፡ ዝይትስረቕ፡ ኣይትሓሱ፡ ኣይትመነ፡*

ወዘተ." ዚምህር ሃይማኖት፡ ማርክስ *"ሃይማኖት ዕጸ ፋርስ ኣሕዛብ ኢዩ"* ኢሉ ጽሒፉ፡ ነዚ ሓዲስ ሃይማኖት ጁባኻ ጕርጕሩስ ጁባ ካልኦት ንክትጕርጕር ዚግድደካ፡ ንውድድርን በለጽን ከም መንፋዕቲ ዚግምት፡ ንመስተን ሽጋራን ሓሺሽን ሳዕቤኑን ከም መቓደስቲ ዚጥቀመሉ ደኣ እንታይ ኪብሎ ኢዩ? ሃገርሲ በዞም ዜጋ እዚኦም ትህነጽዶ ትኸውን? ባህልን ስነ ሥርዓትን ዓበይቲ ኣቦታት ከምኡ ኢሉ ናብ መጻኢ ወለዶታት ይመሓላለፍዶ ይኸውን? ኣነ ዝገርመኒ፡ ኣብ ወጻኢ ዝተወልዱ ደቂ ኤርትራውያን፡ ብትግሪኛ ኣንቢቦም፡ ጽሒፎም ተዛሪቦም ዘይኽእሉ፡ ኣብ ሳዕሳዒት ወናማት፡ ካብቶም ኣብ ኤርትራ ዘለዉ መንእሰያት ብሹዳ ዘይሓምቁ! ሓንቲ ካብ ዓዲ ዝወረሱዋን ምናልባት ድማ ንመጻኢ ወለዶ ከመሓላልፍዋ ዚኽእሉ ሹዳ፡ ሳዕሳዒት ሃገሮም ምዃኑ ኢዩ።

**መ. ምስ ሥድራ ኰንካ፡ ወይ ሰብኣይን ሰበይትን ብሓደ ምጽዋት** (ጓይላ ምሕዳር፡ ሲነማ ምርኣይ፡ ምሕንባስ፡ ብሓደ መንገዲ ምኻድ፡ ብሓደ ተለቭዥን ምርኣይ፡ ዳማ ወይ ቸስ ወይ ጠላዕ ምጽዋት ወይ መጽሓፍ ምንባብ) ጽፉፍን ሃናጽን እንተኾይኑ ንናይ ቃል ኪዳን ሓድነት ዜጎይል ስለዝኾነ ከም ጽድቂ እውን ኪቍጸርን ኪተባባዕን ዘለዎ ኢዩ። ሓዳርን እንተጸንዐ ኢዩ፡ ውላድ ብቑዕን ኾሉ ዚሓቍፍ እኩል ኣተዓባብያ ኪረኽቡ ዚኽእሉ። ንሳቶም'ውን ብጊደኦም ከም ናይ ወለዶም ሓዳር ኪተኽሉ ከም ዕላማን ጻዕርን ሕይወቶም ኪገብርዎ ዚኽእሉ።

**መንእሰያት እውን፡ ኪጻወቱን፡ ኪዛናግዑን መሰሎም ኢዩ፡ ኣድላዪ እውን ኢዩ።**

እቲ ጸወታ ግን ማዕረ ኀልናዊ ብስለቶምን ዓቕሞምን ኪኸውን ኣለዎ። ዚሥርሕ መንእሰይ፡ ብዛዕባ ቀጻሊ ትምህርቱን መጻኢ ሕይወትን ዕቤትን ኣብ ሥርሑን ንብረቱን መደብ ዘውጽአ እንተኰይኑ፡ እቲ ጸወታ ኣብ ዕላማኡ ከይዕንቅፎ ኪጥንቀቕ የድልዮ።

ኣብ ጸወታ ዜጥፍኦ ገንዘቡ፡ ጊዜኡ፡ ምሕዝነታቱ፡ ምስ እቶቱን ምስቲ ሓላፍነቱን ምስ ኀልናኡን ዝመጣጠን ኪኸውን ኣለዎ። ዝተመጣጠነ ጸወታን ምዝንጋዕን ኣብ ዕላማኻ ንምብጻሕ ኪጠቅም ይኽእል ኢዩ፡ ዘይተመጣጠነ ጸወታ ግን ዓቢይ ዕንቅፋት ኪኸውን ይኽእል ኢዩ።

ስለዚስ፡ መንእሰይ ኣይጻወት! መንእሰይ ኣብ "ለይታዊ ትልሂት ኣይእቶ!" ኣይኮነን ዚበሃል ዘሎ፡ እንታይ ደኣ፡ ጸወታ እውን ገደብ ኣለዎ፡ ጸወታ እውን ዚኽተሎ ሕግታት ኣለዎ፡

1. ጸወታ ሓንቲ መዓልቲ እውን (ምናዳ ድማ ዓውደዓመት) ካብ መንፈሳዊ ግቡእኻ/ኺ ዜትርፈካ/ኪ እንተኾይኑ፡ እቲ ጸወታ ንዓኻ/ኺ ዚኸውን ኣይኮነ። ከምኡ ካብ ትምህርቲ ወይ ካብ ካልእ ኪህልወካ ዚግብኣካ/ኪ ሓልዮት ትተርፍ እንተኰንካ/ኪ፡ እቲ ጸወታ ንዓኻ/ኺ ዚኸውን ኣይኮነን

3. ብሰንኪ ጸወታ ብገንዘብ ትጕዳእ እንተሎኻ፡ ግዜኻ ትስረቕ እንተሎኻ፡ እቲ ጸወታ ንዓኻ/ኺ ዚኸውን ኣይኮነን

4. ብሓፈሻ፡ ብሰንኪ ጸወታ (ሳዕሳዒት፡ መስተ፡ ዕላል ወዘተ. ዘለዎ ወጋሕ ትብል ለይቲ) ነፍስኻን ነፍሲ ካልኦትን ትጐድእ እንተኾንካ፡ እቲ ጸወታ ንዓኻ ዚኸውን ኣሎካ።

ብኣወንታዊ ሸነኽ ክንርእዮ እንከለና ከኣ፡ መንእሰይ ኪስዕስዕን ኪጻወትን ኪዘናጋዕን እንተደልዩ፡

1. ዕላማ መኸዲኡ ኣጸቢቑ ኣነጺሩዎ ይኺድ። እንታይ (ጥቕምን/ግድኣትን) ኪረክብ ከምዚኽእል ኣቐዲሙ ገምጊሙ ይኺድ

2. ዝኣትወሉን ዚወጸሉን ሰዓታት ኣቐዲሙ ይወስን እሞ፡ ንሥድራኡ ኣቐዲሙ የካፍሎም። ሰዓታት ድማ ምስቲ ዘለዎ ጊዜን ምስቲ ካልእ ሓላፍነታቱ ዝመጣጠን ኪኸውን ኣለዎ ደኣ እምበር፡ "ዋጋ ገንዘበይ ክመልስ" ኢልካ ንነፍስኻን ንሰብነትካን ክትውጽዕ ኣይኮንካን።

3. ክንደይ ገንዘብ ኬጥፍእ ከምዚኽእል ኣቐዲሙ ወሲኑ ይእቶ እሞ፡ ክንድተን ዜድልያኦ ገንዘብ ጥራሕ ሒዙ ይእቶ።

4. ብዛዕባ መስተን ጠንቁን ፈሊጡ፡ እንታይን ክንደይን ከምዚሰቲ ገና ከይኣተወ እንከሎ ይወስን፡ ካብ ውሳኔኡ ድማ ከይስሕት ዚሕግዞ ሰባት ይወስን። (መኪና ዚሕዝ እንተኾይኑ ብፍጹም ኣልኮሆላዊ መስተ ከይሰቲ ስለዚ ዚሕልውዎ ሰባት ይግበር)

5. ብዕላማን፡ ቈራጽነትን፡ ተጻዊቶም ዜጻውቱዎ ንዓዑ ዚመስሉ ዚኣምኖም ሰባት ሒዙ ይእቶ።

6. ናይ ካልኦት ተመኵሮን ናይ ገዛእ ርእሱ ዝሓለፈ ተመኵሮኡ ይመርምሮ እሞ፡ ንጸወታን ንምዝንጋዕን ኢሉ ዝኸዶ ንዳኻም፡ ንናይ ሕልና ክስራን ኰይኑ ከይረኽቦ።

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ጸወታ እውን ንምሉእ ዕቤትን ብስለትን ምኽንያት ኪኾነካ ኣለዎ ደኣ እምበር ንጉድኣት ወዲሰብ ኅብረተሰብን ኪኸውን የብሉን።

## ብወገን ኣሰናደውቲ'ኸ እንታይ ሓላፍነት ኣለዎም?

ቀንዲ ነጥቢ፡ ሓለፍቲ መደብ ምዝንጋዕ (ወጋሕ ትብለ ለይቲ ከይተረፈ) መደቦም ንምሕናጽ ውልቀሰብ ይኹን ኅብረተሰብ ደኣ እምበር ንበለጽን ንጉድኣትን ኪኸውን ከምዘይብሉ ክርድኡ ኣለዎም። በቲ ሓደ ወገን ድማ ጸወታ፡ ሳዕስዒት፡ ምዝንጋዕ ዕላማኡ ኪስሕት ቀሊል ከምዝኾነ ኪፈልጡ ኣለዎም። ስለዚ መደብ ጸወታ ኬውጽኡ እንከለዉ፡ ዓቢይ ሓላፍነት ይስከሙ ከምዘለዉ ኣቐዲሞም ኪርድኡ ኣለዎም። ዝኣክል ጥንቃቐ ስለዘይገበሩ ኣብ ቀጽሪ ጸወታኦም ይኹን ወይ ኣብ ደገ ብሰኒ ጸወታኦም ጌጋ እንተሰዓበ፡ ብሕጊ ሕልና ብመጠኑ ተሰከምቲ እቲ በደል ኪኾኑ ይኽእሉ። ስለዚ ከምቲ መንግሥቲ ሓድሓደ ውሕስነታት (ከም ኢንሹራንስ፡ ኢንስፐክሽን፡ ሰዓታት ምሕላው፡ ጸትታ ምርግጋጽ፡ ጽሬትን ዚኣክል መብራህትን ምናዳ ኣብ ሽቓቕን

ኣብ ጽምው ቦታን፡  ሓሺሽን ካልእ ዕፀታት ከይሸየጥ፡ ወዘተ.) ከምዚሓትት፡ ከምኡ ሕጊ ኣምላኽን ሕልና ወድሰብን ዚሓቶ ነጥብታት ኣሎ። ሓድሓደ ካብኡ፡

ናይ ጸወታ ዕላማ ንመኽሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንምህናጽ ኀብረተ ሰብ ፍሉይ ሓላፍነት ከምዘለዎም ፈሊጦም

1. መንግሥቲ ንጸትታ ዚሓቶ መሓለውታ ዅሉ ብምልኡ ኪማላእ

2. ተኻፋሊ ትልሂት ብዕድመ ዘይጉዳእ ሰብ ኪኸውን፡ ትሕተ ዕድመ ናይ ሰዓታት ገደቡ ካብ ናይ ልዕሊ ዕድመ ዝተፈለየ ኪኸውን፤ ገሊኡ መደባት ንዓበይቲ ኪፍቀድ ዚኽእል ንትሕተ ዕድመ ኪዕንቅፍ ከምዚኽእል ምዝካር። ንዓበይቲ እውን፡ ዓውደዓመታት ብሰንኪ ለይታዊ ትልሂቶም መንፈሳዊ ዕላማኡ ንከይሃስስን፡ ተኻፈልቲ መደቦም ካብ መንፈሳዊ ግዴታኦም ንከይዕንቀፉን ፍሉይ መጽናዕቲ ምስ ካልኦት ሓለፍቲ ኀብረተሰብ ምግባር . . .

3.  ኣብ ቦታ ጸወታ ብወገን ተዋሳእቲ፡ ከም ኣቕረብቲ መደብን ሙዚቀኛታትን ደረፍትን፡ ዚፍጸም ተግባር (ኣከዳድናን፡ ኣዘራርባን ዚጥቀሙሉ ቃላትን መስሓቕን ወዘተ.) ጽፈት ዝሓለወ ኪኸውን ኣለዎ።